26-01-2010

ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ዘንበሮ ማዕቀብ ሓደን ክልተን ዝመሃዝዎ ዘይኮነስ ዓለም ብዓለማ ነቲ ጉጅለ ፈንፈናቶ ከምዘላ ዘረጋገጸ ሓቂ ከምዘኾነ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ፌደራላዊት ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ክቡር ኣቶ መለሰ ዜናዊ ምስ ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መሕተት ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘንበሮ ማዕቀብ ብኢትዮጵያን ኣመሪካን ዝተሃንደሰ'ዩ ዝብል ኣባሃህላ ኣብ ገለ ኤርትራውያን ኣሎ'ሞ ከመይ ትርእዮ ተባሂሉ ተሓቲቱ ኣብ ዝሃቦ መልሲ እቲ ማዕቀብ ጉጅለ ህግደፍ ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት እንዳተናኸሰ ነዚ ዞባ ብምህዋኽ ዝገብሮ ዘሎ ምንቅስቃስ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ብዘለዋ ሃገራት ስለዝተጸልአ ዝተወሰነን ሓደን ክልተን ዝበሃለሉ ከምዘይኮነን ኣስሚሩሉ።

ኢትዮጵያ ተግባራት ህግደፍ ክፍለጥ ኣብ ምግባር ብጽሒታ ኣበርኪታ'ያ እንተተባሂሉ ዘይክሓድ ሓቂ'ዩ ዝበለ ኣቶ መለስ እቲ ጉዳይ ካብ ኢጋድ ክብገስ ከሎ ኩለን ኣባል ሃገራት በቲ ጉጅለ ዝተለኽፋሉ ውራይ ስለዝነበረ ምኂኑ ድሕሪ ምጥቃስ ከኣ ኣብ ኣኼባ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ምዕራባዊ ኣፍሪቃ ጫፍ ትርከብ ጋምቢያ ክሳብ መዓዝ ኢና ሃዋኪ ናይ ህውከት ሓይሊ ተጻዊርና ንኽይድ ዝብል መረረት ዘስመዐትሉን ናይ ህግደፍ ጉዳይ ኣጀንዳ ኩለን ኣባል ሃገራት ዝኾነሉን ተርእዮ ከምዝነበረ ኣረጋጊጹ።

እዚ ሃገራት ኣፍሪቃ "ጉጅለ ህግደፍ" ሰላም ይህውኽ ስለ ዘሎ ማዕቀብ ይገበረሉ ኢለን ብዓውታ ዘስምዕኦ ድምጺ ኣብ ታሪኽ ኣፍሪቃ ንሓንቲ ኣፍሪቃዊት ሃገር ዝተወሰነ ፈላሚ ክበሃል ዝኽእል ውሁድ ውሳነ ከምዝነበረ ድማ ሓቢሩ'ዩ።

ስለዝኾነ እዚ ማዕቀብ ሓደን ክልተን ዝብሃላ ሃገራት ዝመሃዝኦ ወይ ዝሃንደስኦ ዘይኮነስ ንጉጅለ ህግደፍ ዓለም ብዓለማ ስለዝፈንፈነቶ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃ ኮነ ኣባል ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ኣብቲ ጉዳይ ዋላ ሓንቲ ኣፈላላይ ዘይምንባሩ ዝመስከረ ሓቂ'ዩ ድማ ኢሉ'ዩ።

"….. *ዓለም ብዓለማ ነዚ ጉጅለ 'ዚ ፈንፈናቶ ከምዘላ ካብ ናይ ዓለም መጋባእያ ካብ መድረኻት ናይ ዓለም ሕግን ኣሰራርሓን ወጻኢ ካብ ባህርያትን ስነ-ምግባርን ዓለም ወጻኢ ዝኾነ ኣካይዳ ዘለዋ ናይ ጥፍኣት ጉጅለ'ዩ ዝብል መደምደምታ ተታሒዙ ሙሉእ ዓለም ፈንፈኑዎ ከም ዘሎ ዘመልክት ውሳኔ'ዩ….*"

በዚ ተወሲኑ ዘሎ ማዕቀብ ጉጅለ ህግደፍ ዕጥቂ ከይሽይጥ ከይገዝእ ተኽልኪሉ'ሎ እዚ ማለት መብዛሕቲኡ ኣብ ኢዱ ዘሎ ዕጥቂ ናይ ደርጊ ዝነበረ ብምኂኑ እዚ ማዕቀብ እንዳቀጸለ ምስከደ እቲ ዕጥቂ ናብ ሙዚየም ምእታዉ ስለዘይተርፎ ንጎረባብቲ ምቱኽታኽ ክገድፎ ከገድዶ ከም ዝኽእል'ውን ኣቶ መለስ ገሊጹ'ዩ።

እቲ ማዕቀብ ብኣንጻር ዲፕሎማሲ ክረአ ከሎ ድማ ሓለፍቲ ህግደፍ ፈቆዶ ሃገራት ዝኸዱ ዝነበሩ ናይ ዲፕሎማሲ ስራሕ ክሰርሑ ኣይነበረን ምስ በለ ድሕሪ ሕጂ ምስ ኣኸረርቲ ናይ ገንዘብ ኮነ ሓበሬታ ልውውጥ ኣይክገብሩን'ዮም ኣብ ወጻኢ ንዝነብር ኤርትራዊ ከኣ ገንዘቡ ኣይክሓልቡዎን'ዮም ድሕሪ ምባል ፍይዳ'ዚ ማዕቀብ'ዚ'ዩ ክብል ተዛሪቡ።

"..... እዞም ሓለፍቲ ናይ ህግደፍ ዝባሃሉ ፈቆዶ ዓድታት እንዳዘሩ ናይ ዲፕሎማሲ ስራሕ ኣይኮኑን ዝሰርሑ ነይሮም መብዛሕቲኡ እዋን ምስ ከም ኣልሸባብ ዝበሉ ናይ ጥፍኣት ሓይልታት እንዳተረከቡ ናይ ገንዘብ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ዝገብሩ'ዩም ወይ ከኣ ኣብ ደገ ንዝነብሩ ኤርትራውያን ኣኪቦም ከም ዘይትነጽፍ ላሕሚ ገንዘብ ዝሓልቡሉ መሰርሕ'ዩ ነይሩ ከምዚ ገይሮም ነቲ ኣብ ደገ ዝነብር ኤርትራዊ ዝሓልቡሉ ዕድል ክንኪ'ዩ ማለት'ዩ ከምኡ'ውን ኣብ ደገ ምስ ዝርከቡ ናይ ጥፈኣት ሓይልታት ርክቦም ክንክ'ዩ....."

እዚ ብባይቶ ጸጥታ ዝተነበረ ማዕቀብ ካብ ዝኾነ ይኹን ምንጪ ንትካላት ህግደፍ ገንዘብ ከይኣቱ'ውን ስለዝእገድ ናይ ህውከት ጥጅእ ዝጥጹኣሉ ዓቅሙ ክለምስ ዝገብር ኣብ ርእሲ ም'ኗኑ መብዛሕቲኡ ናይ ኤርትራ ናይ ንግዲ ምንቅስቃስ ዝብሓትኦ 'ውን እተን ናይ ህግደፍ ትካላት ብም'ኗነን ንሳተን እንተደስኪለን ኤርትራውያን ነጋዶ ዝንቀሳቀስሉ ሃዋህው ክፍጠር ከምዝኸእል ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ኣመልኪቱ'ዩ።

እዚ ማዕቀብ ንህዝቢ ኤርትራ ፍጹም ዝምልከት ኣይኮነን ዝበለ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዓለም ብዓለማ ንህዝቢ ኤርትራ ኣይኮነትን ፈንፈናቶ ዘላ እንታይ ደኣ ነቲ ንሕግታት ዓለም እናሓንገደ ዝኣበየ ጉጅለ ህግደፍን ተግባራቱን 'ምበር ምስ በለ ነዚ'ዩ ከኣ እቲ ማዕቀብ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ህግደፍን ናይ ህግደፍ ትካላትን ብኣውርኡ ዘነጻጸረ ክብል ድማ ኣፍሊጡ።

".....እዚ ማዕቀብ'ዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ሳዕቤን ኣለዎ ኢለ ኣይኣምንን ቅድሚ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ እገዳ ምንባሩ ባዕሉ እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ማዕቀብ ኣንቢሩሉ'ዩ። ንወጻኢ ከይንቀሳቀስ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ገዛእ መሬቱ ብናዳ ከይንቀሳቀስ'ውን ገይርዎ'ዩ ከይነግድ፡ ከይሰርሕ፡ ከይመሃር ክልኪልዎ'ዩ። ዘዝተወለደ ቆልዓ ናብ ግዱድ ዕስክርና እንዳለኣኸ ጅሆ ብምሓዝ ኣብ ሙኩዓት መሬትን ምፍላጥ እምንን ክውዕል'ዩ ተገይሩ። ስለዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ጽዕንቶ ዘብጻሐ ኣሎ ኢለ ኣይኣምንን ኣብዚ ሕጂ እዋን ህዝቢ ኤርትራ ኣይኮነን ተፈንፊኑ ዘሎ ጉጅለ ህግደፍ 'ዩ ተፈንፊኑ ጉጅለ ህግደፍ ድማ ብተግባራቱ 'ምበር ብመንነቱ ኣይኮነን ተፈንፊኑ በቲ ስድነት ዝተመልኦ ልሳኑ'ዩ ተኾኒኑ ስለዚ እቲ ማዕቀብ ንህግደፍን ትካላት ህግደፍን ዝትንክፍ'ምበር ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን ናብ ቤተሰቦም ዝልእኽዎ ገንዘብ ይኹን ንብረት ከምዘይምልከት'ዩ ባይቶ ጸጥታ ዘስመረሉ....."

ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ኣብ መወዳእታ ኣብ መንነ መንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣይ ኩናት ኣይ ሰላም ዝኾነ ሃዋህው ድኣ ይሃሉ'ምበር ኣብ መንነ ህዝብታት ክልቲኤን ሃገራት ግን ባህጊ ሕውነትን ከም ዘሎ ብምጥቃስ እቲ ባህጊ መሊኡ ዝሰምርን ዘላቂ ቅሳነት ዝነግስ ግን ወይ ጉጅለ ህግደፍ ነቲ ሒዝዎ ዘሎ ናይ ህውከት መገዲ ክቅይሮ እዚ እንተዘይኮይኑ ከኣ ህግደፍ ክእለ እንተኸኢሉ ጥራይ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ'ዩ። ክቡራትን ክቡራንን ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ትቓለሱ ማሓዙት መርበብ ሓበሬታታት ሃገርና ሙሉእ ትሕዝቶ ናይ'ዚ ቃለ-መሕተት ክነስዕበልኩም ኢና።

----------/////----------